# Nharnet.org - Nharnet.com

## ዜና 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮን መበል 43 ዓመት ኵናት ቶጎሩባ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን

**ፍራንክፎርት 10.03 2007**

ብጨናፍር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ስውራዊ ባይቶን ተበግሶ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ጀርመንን ዝተዳለወ በዓል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮን መበል 43 ዓመት ዓወት ኵናት ቶጎሩባን ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ብዕለት 10 መጋቢት 2007 ብድምቕት ተኸቢሩ። እቲ በዓል ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ዝምባሌታት ዘለዎም ብዙሓት መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ዝተሳተፍዎ ብዓል ኢዩ ነይሩ። ብጻይ ኣፈወርቂ ኣባይ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ፍራንክፎርትን ከባቢኡን ብስፍሕ ዝበለ መግለጺ ድርብ በዓልን ናይ ምስጋናን ቃል ድሕሪ ምኽፋቱ፥ ብስም ተበግሶ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ጀርመን፥ ወይዘሮ ኣልጋነሽ ገብረ ንዕላማታት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮን፥ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ መድረኽ ብረታዊ ተጋድሎን፥ ብስርዓት ህግዲፍ ዝተጨውየ መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ልዕሊ ኣዴታት ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናትን፥ ዝለመሰ ግደ ሃማደኤን፥ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ካብዚ ኣጋጢምወን ዘሎ ጭቆናን ግፍዕን ሓራ ወጺኤን ማዕርነታዊ ተሳትፉኤን ንምርግጋጽ ክወስድኦ ዘለወን እዋናዊ መደባትን ውደባን ብዝርዝር መግለጺ ኣቕሪባ።

ቀጺሉ፥ ብጻይ ንጉሰ ጸጋይ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፥ ንዓወት ኵናት ቶጎሩባ ኣመልኪቱ፥ ኣብ ከመይዝኣመሰለ ኵነት ከምዝተኻየደን፥ ስለምንታይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነዛ ዕለት እዚኣ ከም መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት ከተብዕላ መሪጻን፥ ኣብ 1991 ዝተረጋገጸ ነጻነት ኤርትራ ከምቲ ስርዓት ህግዲፍ "ነዛ ሃገር ህዝባዊ ግንባር ንበይኑ ኢዩ ኣምጺእዋ" ዝብሎ ዘይኮነስ፥ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ናይ ቃልሲ ውህሉል ዓወታትን ድምር መስዋእቲ ብረት ለበስን ሲቪልን ኤርትራውያን ምዃኑ፥ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ማዓት ንምልጋስ ኩሉ ብሃገርን ህዝብን ዝግደስ ኤርትራዊ ዜጋ ኣበየና ውድብ ኢዩ ብዘየገድስ ተወዲቡ ኽቃለስ ዝጽዋዓሉ ዘሎ እዋን ምዃኑ ኣብሪሁ። ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ሓለፍቱን እንተኾኑውን ኣብዚ እዋንዚ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክብገሱን ምስ ውጹዓት ኣሕዋቶም ብሓደ ኢድ ኽኽላዓሉን፥ ኣፈ-ሙዝ ዕጥቆም ናብቲ ንህዝብን ሃገርን ኣማሲኑ ዘሎ ስርዓት ህግዲፍ ኽኸቕኑዑን እዋናዊ ናይ ድሕነት ስጉምቲ ምዃኑ ጠቒሱ።፥ ብፍላይ እቶም ኣብ ሃድን መንእሰያት ተዋፊሮም ሂወት ኤርትራውያን ብሸንቱ ዘጥፍኡ ዘለዉ መሳርሒ ናይቲ ስርዓት፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ነባሪ ከምዘይኮነ ተረዲኤም ኣእዳዎም ክስሕቡን ክልተ ግዜ ክሓስቡን መጸዋዕታ ኣቕሪቡ።

ድሕርዚ ብብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይን ንጉሰ ጸጋይን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዝተመርሐ ኣብዚ እዋንዚ ንደምበ ተቓውሞ ካብዘሻቕሉ ዘለዉ ጉዳያት ዘመልከተ ክፉርት ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ። ብፍላይ ከኣ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሓባራዊ ቻርተርን ቅርጻን ኣጽዲቑ ከብቕዕ፥ ኣብ ናይ ኣመራርሓ ጸገም ምእታዉ ብዝምልከት ኣገደስቲ መብርሂታት ቀሪቡ። መሪሕነት ኪዳን ንተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብትኹረት ክርእዮ ዘይምኽኣሉውን ሓደ ካብቲ ናይቲ መድረኽ ሕቶ ምዃኑውን ብኣብነት ዝቐረበ መረዳእታ ነይሩ። ኣብ መጠረስታ እቲ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተርን ሕንጻጻቱን ኩለን ውድባት ዝተሳማማዓሉ ስለዝኾነ ጥሪት ናይ ኩልና እዩ። ስለዚ ድማ ኣባላት ውድባት ኪዳን ንምዕዋቱ ኣብዝካየድ ቃልሲ ድሕድሕድ ክታሓጋገዙ ከምዝግባእን፥ ዝተረኽበ ፍልልይ ኣብ ምቅርሓንን ምዝልላፍን ዘእቱ ከምዘይኮነን ንተሳተፍቲ በዓል ተሓቢሩ።

ካብዚ ቀጺሉ ነዚ ድርብ በዓላትዚ ዝገልጹን ናይ ቃልሲ ኣንፈት ዘትሕዙን መተባባዕቲ ግምታት ብዝተፈላላዩ ተሳተፍቲ በዓል ቀሪቦም ነታ ምድላው ፍሉይ መኣርግ ክህብዎ ኣብርእሲ ምኽኣሎም፥ ወናማት ባህላውያን ሙዚቐኛታትውን ብተራኦም ነቲ በዓል ኣድሚቖሞ ምሕዳሮም ዝፍለጥዩ።

**ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ**